50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ዝኸበርኩም ነበርቲ

**እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዓብዪ ህንጸት ኣባይትን ሰማይ ጠቀስ ዳግመ ህንጸትን**

ሆምስ ቪክቶርያ ብዛዕባ ምዕባለ እቲ መደብ ዓብዪ ህንጸት ኣባይትን ሰማይ ጠቀስ ዳግመ ህንጸት ሓበሬታ ንምሃብ ትጽሕፍ ኣላ።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ናይቲ መደብ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ነዳሉ ኣለና ማለት እዩ።

**ናይ ሎሚ ምልክታ ንህንጻኹም ወይ ንገዛኹም ኣይጸልዎን እዩ።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዘሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

ምስቶም ኣብዚ ሓደስቲ ህንጻታት ዘለዉ ተቐማጦ ኣዘውቲርና ንራኸብ ኣሎና። ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028፡ እቲ ዳግመ ህንጸት ኣብ ዝካየደሉ እዋን ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ምስዞም ስድራቤታት እዚኣቶም ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ኣብ ጥቕኡ ሓደስቲ መንበሪ ገዛውቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ተቐማጦ ናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምሕጋዝ ድሮ ኣብ ጥቕኦም ሓደስቲ ኣባይቲ ኣብ መንገዲ ኣሎ። ኣብዚ ዓመት ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፡

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ
- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ኣባይቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኾውን ነቶም ናይ ምንቅስቓስ ሓገዝ ዘድልዮም ኣዝዮም ምቹኣት ከምኡውን ህዝባዊ መጓዓዝያ ብቐሊሉ ዝርከቦም እዮም። ብተወሳኺውን ድሕንነት፡ መብራህቲ፡ ምንቅስቓስ ኣየርን ኣለዎ ከምኡ ድማ ምስ ባልኮናትን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን እውን ኣለዎ።

## ኣብ ካልእ ቦታታት እንታይ ይግበር ኣሎ፧

ኣብ **ካርልተን ኣብ ዝርከብ ጐደናታት ኤልጂን/Elgin ከምኡውን ኒኮልሰን/Nicholson** ሓደስቲ ኣባይቲ ናይ ምህናጽ መደባት በቲ ተቐማጦ ዝገብርዎ ሓሳባት ተመሪሑ ኣሎ። ኣብ 2031 ኣብ ጽቡቕ ንድፊ ኣብ ዘለዎ ከባቢ 248 ሓደስቲ ኣባይቲ ንምህናጽ ኣብዚ እዋን እዚ ምፍራስ ይካየድ ኣሎ።

እተን ዝተረፋ ስድራቤታት ኣብ **ፍለሚንግተንንን ኖርዝ ሜልቦርን** ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ደገፍ ይግበረለን ኣለዋ። ነቲ ኣረጊት ህንጻታት ንምፍራስ ክንዳሎ ከለና እቶም ተቐማጦ ዝህብዎ ርእይቶን ኣብቲ ሓደስቲ ኣባይቲ እንታይ ክርእዩ ከም ዝደልዩን ኣብ ግምት ንኣቱ ኢና።

ኣብ **ሳውዝ ያራን ሪችሞንድን** ዝነብሩ ተቐማጦ ናብ ካልእ ቦታ ይግዕዙ ኣለዉ ብዙሓት ስድራቤታት ከኣ ናብቲ ኣብ ጥቓኦም ዝርከብ ሓደስቲ ኣባይቲ ገዓዙ። ልዕሊ 85 ሚእታዊት ካብ ስድራቤታት ድሮ ግዒዞም ወይ ኣብ መስርሕ ምግዓዝ ኣለዉ ከምኡ ድማ ኲላቶም ክሳዕ ለካቲት 2026 ክግዕዙ ኣብ መንገዲ ዘለዉ።

## እዋናዊ ሓበሬታ ዘለዎምን ዝራኸቡን ኩኑ

ብዛዕባ ናይ ዳግመ ህንጻት ፕሮግራም እንተላይ ብቛንቋኻ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ homes.vic.gov.au ኣቲኻ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።

ስሩዕ እዋናትን መጠንቀቕታታትን ብምምዝጋብ ተራኸብካ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ።

ነቲ መርበብ ሓበሬታ ክትበጽሖ ምስቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ቤት ጽሕፈት መንበሪ ኣባይቲ ክትዘራረብ ኣብ ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት ክትካፈል ከምኡውን ምሳና ክትራኸብ ነተባብዓካ።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026